# ሰንበት ዘኒቀዲሞስ

መጋቢት 24 2015 ዓ.ም. (2 April 2023)

## ካልኣይ ጊዜ ክንውለድ ይግብኣና

መዝሙር፡ ሖረ ኀቤሁ ዘስሙ ኒቆዲሞስ ወይቤሎ ለኢየሱስ...። ኒቆዲሞስ ዝስሙ ናብ ኢየሱስ ከደ ረቢ ሊቅ ንስኻ መምህር ኮንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ ንሕና ብኣኻ ንኣምን ኢና ከም ወዲ ኣምበሳ በጥ ኢልካ ደቂስካ ብትንሣኤኻ ኣተንስኣኒ።

ንባባት: ሮሜ 7፡1-14፥ 1ዮሓ 4፡1-10፥ ግ.ሓ.5፡34-ፍ፥ ዮሓ 3፡1-21

ምስባክ፡ሐወጽከኒ ሌሊተ ወፈተንኮ ለልብየ፥ ኣመ ከርከኒ ወኢተረክበ ዓመጻ በላዕሌየ፥ ከመ ኢይንብብ ኣፉየ ግብረ እጓለ እመ ሕያው። “ንልበይ ተዓዘብካዮ ብለይቲ በጻሕካዮ፥ መርሚርካንስ ገለ ክፉእ ኣይረኸብካን፥ ብኣፈይ ከም ካልኦት ሰባት ክፉእ ኣይዛረብን እየ” መዝ. 17፡3።

ዘሎናዮ ጊዜ እዋን ተሓድሶን ንስሓን እዩ። ምስ ዓበኻ ካልኣይ ጊዜ ከመይ ገርካ ክትውለድ ይክኣል ዝብል ሕቶ ኒቆዲሞስ ዝተባህለ ምሁር እስራኤላዊ ዘቕረቦ ሕቶ እዩ። ቅድሚ ኣብ ትንታኔ ምእታውና መን እዩ ኒቆዲሞስ? ኒቆዲሞስ ሓደ ካብ ፈሪሳውያን መራሕን መምህርን ኣባል ባይቶ ኣይሁድ እዩ ነሩ። ነቲ ክርስቶስ ዝገብሮ ዝነበረ ብቐረባ ዝከታተል ዝነበረ ንሓቂ ክፈልጥ ዝደሊ ዝነበረ እዩ። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ሰለስተ ጊዜ ተጠቒሱ ንረኽቦ፥ 1. ኣብ ምዕ 3 ሎሚ ዝተነበ። 2. ኣብ ዮሓ 7፡50~51 ሓደ ኻብቶም እቲ ቕድም ብለይቲ ናብ ኢየሱስ መጺኡ ዝነበረ ኒቆዲሞስ፥ ሕግናኸ ንሰብ ቅድም ከይሰምዖን እቲ ዝገበሮ ኸይፈልጠንዶ ይፈርዶ እዩ በሎም” ብዛዕብኡ ንርኢ። 3. ኣብ ዮሓ 19፡39-42 ዘሎ ኸኣ ኢየሱስ ምስ ሞቶ ንሬሳ ምስ ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያስ ኮይኑ ካብ ጲላጦስ ፍቓድ ሓቲቱ ከም ዝቐበረ ወንጌል ይነግረና። ድሕሪዚ ብዛዕብኡ ብዙሕ ዝዛረብ ኣይንረክብን ኣብ ቀዳሞት ዘመናት ክርስትና ብሰማዕትነት ከም ዝሞተ እሞ ብስሙ ቤተ ክርስትያናት ከም ዝተሰርሐ ይንገር። ኣብ ምስራቕ ሓደ ካብቶም ቅዱሳን ይቝጸር።

ናይ ሎሚ ወንጌል ኒቆዲሞስ ብለይቲ ናብ ኢየሱስ ከም ዝመጸ ይነግረና። ለይቲ ምልክተ ዋሕዲ እምነት እዩ። ብርሃን እምነት ዝጎደሎ ኣብ ጸልማት እዩ ዝነብር። ብኻልእ ከኣ ምልክት ፍርሓት እዩ። ዝፈርሕ ከይርአ ብጸልማት ክፉእ ግብሪ ይገብር። ጸልማት ተጎልቢቡ ዝኸይድ ናይ ድሓን ኣይኮነን። ናይ ኒቆዲሞስ ጉዳይ ግን ብርሃን እምነት ክረክብ ኢሉ እዩ።

ዕላል ምስ ኢየሱስ፡

ኒቆዲሞስ ንኢየሱስ ንበይኑ ኣብ ጽምዋ ካልኦት ዕላሉ ከይርብሽዎን ዝኣክል ጊዜ ክረክብ ኢሉ መጺእዎ። ተባዕን ቍምነገር ዘልኦ ርክብ ክገብር። ንኢየሱስ ኣብ መንጎ ብዙሕ ነገር ተዋሒጥና እንከሎና ክንረኽቦ ክነዕልሎ ክንዛረቦ ከምኡ ዝብለና ክንሰምዖ ቀሊል ኣይኮነን ስለዚ ኣብ ጽምው ቦታ ንበይንና ክንዕልሎ እንተ ኸኣልና እንኸዶ ጉዕዞን ክንገብሮ ዝግብኣናን ክነግረና እዩ። ኒቆዲሞስ ንኢየሱስ በቲ ዝገብሮ ዝነበረ ብማዕዶ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ተደሪኹ እዩ ክሓቶን ክፈልጥን መጺኡ። ንሱ በቲ ግዚኡ ዝነበረ ፍልጠት ዝለዓለ ፍልጠት ነርዎ እዩ እንተኾነ ዕጉብ ኣይነበረን። ንምንጪ ፍልጠት ባዕሉ ክሓትት ኣብ ቅድሚኡ ኮይኑ ሕቶታቱ ኣቕረቡ። እዚ ንስኻ እትገብሮ ዘሎኻ ኣምልኻ ምስኡ ዘሎ ጥራሕ እዩ ዝገብሮ እናበለ መጀመርያ እምነቱ ገሊጹ። ኣምላኽ ምሳና ከምዘሎ ክንርኢ እንተ ኸኣልና ሰባት ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ቀሊል እዩ። ግብርና ዘረባና ሕይወትና ኩሉ ናይ ኣምላኽ ነገርዶ የርኢ ወይስ ናተይ ግብሪ? ኣነ በቲ ዝገብሮ ዝብሎ ካልኦት ኣምላኽ ከምዝርእዩ ድየ ዝገብር ወይስ ካልእ መገዲ እየ ዝሕብር ኢልና በበቲ ዘሎና ሕይወት ንርእስና ክንሓትት ይግብኣና።

## መንግስቲ ኣምላኽ ክንርኢ ከምብሓዲሽ ክንውለድ ኣሎና፡

ኒቆዲሞስ እምነቱን ትዕዝብቱን ምስ ገለጸ “እዚ ጀሚርካዮ ዘሎኻ ጉዕዞ እምነት ብምልኡ ክትቅበሎ ከምብሓዲስ ክትውለድ ኣሎኻ” ተባሂሉ። ኣብ ቋንቋ ኢየሱስ ከምብሓዲስ ምውላድ ክብሃል እንከሎ ኣብ ኢየሱስ ኣሚንካ ሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ምኽታል እዩ ዘስምዕ። ከምብሓዲስ ክንውለድ ክንሓልፎ ዝግብኣና ኣሎ። ኢየሱስ ንኒቆዲሞስ ከረድኦ ኢሉ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይተወልደ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዝኽእል ከቶ የልቦን እናበለ ገሊጽሉ። ጥምቀትን እምነትን ንሰብ ከምብሓዲስ ከም ዝውለድ ይገብሮ። ኣብ ጥምቀትና ከምብሓዲስ ንውለድ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ሓዲሩ ሓደስቲ ፍጥረት ንኸውን። ምስጢራት ኩሎም ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዘውህቡና ሓደስቲ ፍጥረት ይገብሩና። ኢየሱስ እምብኣር ንኒቆዲሞስ ኣብኡ ዝኣመነ ከምብሓዲስ ከምዝተወልደ እዩ ገሊጽሉ።

ጊዜ ጾም ኣርብዓ ብኃጢኣትና ተነሲሕና ከምብሓዲስ ሓደስቲ ፍጥረት ክንከውን ዝሕግዘና ጊዜ እዩ። ብኃጢኣቱ ዘይተነስሐ ተሓድሶ መንፈስ ክለብስ ኣይክእልን እዩ። ምስ ኢየሱስ ከነዕልል ክሰምዓና ክንሰምዖ እንተ ኾና ኣብኡ ክንኣምን ክንሳሕ ኣሎና።

ኒቆዲሞስ ጽምኣት ሓቂ ስለ ዝነበሮ ክበርሃሉ ደጋጊሙ ኢዩ ንኢየሱስ ሓቲቱ። ኢየሱስ ትምህርቱ ብምቕጻል ነቲ ኣብ ዘኁልቅ 21፡9 ጠቒሱ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ንተመን ዝሰቐሎ ወዲ ሰብ ድማ ኽምኡ ክስቀል እዩ” በሎ። እስራኤላውያን ብተመን ምስተነኽሱ ኣብቲ ኣብ ባላ ዝተሰቕለ ናይ ኣስራዚ ተመን ዝረኣዩ ይሓውዩ ከም ዝነበሩ ኩሉ ክድሕን ዝደሊ ኣብ ስቕለትን ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ክኣምን ኣለዎ እናበለ ኣነጺሩ ነጊርዎ። ኣብ ጥበበ ሰሎሞን 16፡6 እዚ መከራ እዚ መጠንቀቕታ ምእንቲ ኪኸውን ንቑሩብ እዋን ጥራይ ጸንሐ ብድኅሪኡ ንትእዛዝ ሕግኻ ምእንቲ ከዘክሮም ምልክት ምድኃን ተመን ኣስራዚ ሃብካዮም እናበለ ስቕለት ናይ ኩሉ ማእከል ከም ዝኾነ ይገልጽ። ኒቆዲሞስ ናይ እዚ ትምህርቲ ኣፍልጦ ስለ ዝነበሮ ክርድኦ ይኽእል እዩ።

## ኣብ ኢየሱስ ምእማን ካልእ ኣማራጺ የብሉን፡

ፍቕሪ ኣምላኽ ብኢየሱስ ተገሊጹና። ኣብዚ መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝኾነ ኢየሱስ ዘይኣምን ኣብ ጸልማት ኣብ ሞት እዩ ዝነብር ስለዚ ኣባይ እመን ዝብል ዕድመ ንኒቆዲሞስ ቀሪብዎ። ምስ ኢየሱስ ዘዕልል ኣብ መጨረሽታ ኣብኡ ክኣምን እዩ ዝዕደም። ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ ድሕሪ ብዙሕ ዕላልን ትምህርትን ኣብ መጨረሽታ ኣብኡ ክትኣምን እዩ ነጊርዋ። ኒቆዲሞስ እውን በዚ ጉዕዞ እዩ ሓሊፉ። ንዕድመ ኢየሱስ ዝነጽግ ኣብ ጸልማት እዩ ዝነብር። ብርሃን ናብ ዓለም መጸ ደቂ ሰብ ግና ግብሮም ክፉእ ስለ ዝኾነ ካብ ብርሃን ጸልማት ፈተዉ እናበለ ናይ ደቂ ሰብ ትሪ ልቦም ገሊጽሉ። ኒቆዲሞስ ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ኣትዩ እንታይነት ክርስቶስ ተቐቢሉ። ሕይወትና ብዘይ ኣምላኽ ክነብሮ ከሎና ኣብ ጸልማት ኣብ ዘይዕሩፍ ሕይወት ኢና እነንብሮ። እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ጊዜ እምብኣር ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ክንኣቱ ክሕግዘና ኢላ ቤተ ክርስትያን ተዓወቱ ደቂ ብርሃን ኩኑ ትብለና ኣላ።

## ሕይወት ኒቆዲሞስ ሕይወትና ንግበር፡

- **አብቲ ኢየሱስ ዝርከቦ ንምጻእ።** ኒቆዲሞስ ንኢየሱስ ኣብ ዘልኦ ከይዱ ረኺብዎ ኣሚኑ ከም ብሓዲስ ተወሊዱ ምስክር እምነቱ ንሬሳ ኢየሱስ ብድፍረት ሓቲቱ ቀቢርዎ። ሓንሳብ ንኢየሱስ ምስ ረኸበ ኣይተመልሰን። ሎሚ ኣነን ንስኹምን ቦታ ኢየሱስ ክንረክብ እሞ ክንሕደስ እሙናት ተኸተልቱ ክንከውን ንሕተት ኣሎና። ንኢየሱስ ክረክብ እኽይድ ኣሎኹ እናበልና ንዘንጊዖም ዘለዉ ንዑናይ ናብ ኢየሱስ ኢልና ኣብ ቤተ ክርስትያኑ ኣብ ቅዱስ ሕይወት ክኣትዉ ንዓድሞም ንምርሓዮም።

- **ብምስጢረ ንስሓ ነጺሕና ከም ብሓድስ ንወለድ።** ንዝሓለፈ ሕይወትና ርኢና ኣብ ሓዲስ ምዕራፍ ሕይወት ንእቶ። ብኃጢኣትና ክንእመን ቀሊል ኣይኮነን። ጸልማት ዝጎልበቦ

ሕይወት ክንሓልፍ ግድነት እዩ። ስጋና ተሳዒረ ዘይብል ሕሱም ጸላኢና እዩ ስለዚ ክንስዕሮ ቆራጸት ክንከውን ይግብአና። ኣብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪብና ኃጢአትና እንተ ተነሳሕና ዳግም ክንውለድ ኢና።

- **አምላኽ ዘፍቀረና ፍጥረት ኢና።** ፍቕሪ አምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹልና። ኣብ ምትርጓም ቅዱስ መጽሓፍ ፍቕሪ ዝብል ቃል ክንጥንቀቐሉ አሎና። ኣብ ቋንቋ ግሪኽ ፍቕሪ ክብሉ እንከለዉ ሰለስተ ነገር እዩ ዘስምዕ (1) Eros ናይ ጾታ ፍቕሪ (ኣብ መንጎ ሰብአይን ሰበይትን ዝህሉ ፍቕሪ ኣብ መርዓ ዘምርሕ) ኣብዚ ክንቅበል ጥራሕ ኢና እንደሊ፥ (2) Philia በቲ ጽቡቕ ዝረኣኻዮ ጽቡቕ ዝስሕበካ ናይ ምስዓብ ወይ ምኽታል ፍቕሪ (ኣብ ኹዕሶ እግሪ ሰባት ብሓንሳብ ኣብ ሓንቲ ጋንታ ዝገብሮም) ኣብዚ ክንህብን ክንወስድን ንደሊ፥ (3) Agape or sacrificial Love ኣብዚ (ሓንቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ ሕጻን ምእንትኡ ኣብ ሞት ክሳብ ምብጻሕ እተርእዮ ፍቕሪ) ክንህብ ንምነ። እግዚኣብሔር በዚ ዳሕረዋይ ፍቕሪ እዩ ዘፍቅረና። አምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም አፍቀራ። ኣብዚ እዩ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ አምላኽን ዘሎ ፍልልይ ዝርአ። አምላኽ ይህብን ይሓድግን፥ ንሕና ንቕበልን ንርስዕን። ምሃብ ምልክት ፍቕሪ አምላኽ እዩ። እዚ ዓይነት ፍቕሪ እዩ አምላኽ ኣባና ዘርእዮ። እዚ ዓይነት ፍቕሪ ኣብ መንጎና ክነንግሶ አሎና። እዚ ዓይነት ፍቕሪ አዩ ኣብ መንግስተ ሰማይ ዘሎ። እዚ ዓይነት ፍቕሪ ዘይርከቦ እቲ ገሃነም እሳት እንብሎ እዩ። ፍቕሪ አምላኽ ክነስተማቕር ትሑዛት ኢና። ዘየፍቅር ኣብ ጸልማት እዩ ዝነብር።

ሓደ እዋን ሓንቲ ቅድስቲ ንአምላኽ ኣብ መንጎ መንግስተ ሰማይን ገሃነመ እሳትን ዘሎ ፍልልይ አርእየኒ ኢላ ጸልያ ይብሃል። እግዚኣብሔር ልመናአ ተቐቢሉ መልአኽ ልኢኹ መጀመርያ ኣብ ገሃነመ እሳት ወሲድዋ። ኣብኡ ብዙሓት አሰብኡትን አንስትን ኣብ ሓደ ነውሕ ጣውላ ብዙሕ በብዓይነቱ ዝኾነ መግቢ ዝተሰርዖ ተቐሚጦም ረአየት ሓደ ካብኦም ግን ዝበልዕ አይነበረን። ኩሎም ጉሁያትን የምባህቑዉ ነሮም። ካብኦም ንሓደ ስለምንታይ ዘይትበልዑ ድአ ኢላ ሓቲታቶ። ኢዱ አርእይዋ። ነውሕ ማንካ 4ft ዝኸውን ምስ ኢዶም ተኣሲሩ ክበልዑ ኣብ ዝፈተናሉ እቲ መግቢ ኣብ ምድሪ ከምዝወድቕ ነጊርዋ። ክንደይ ዘሕዝን እዩ እናበለት ጉህያ። ካብኡ እቲ መልአኽ ኣብ መንግስተ ሰማይ ወሲድዋ ኣብኡ እውን ልክዕ ከምቲ ኣብ ገሃነመ እሳት ዝረአየቶ ሓደ ዓይነት መግቢ ኣብ ነውሕ ጣውላ አሰብኡትን አንስትን ብክልቲኡ ወገን ተቐሚጦም በብዓይነቱ ምግቢ ተቐሪቡ ኣብ ኢዶም 4ft ዝምንውሑ ማንካ ኣብ ኢዶም ተአሲሩ ርእያ። ከምቶም ኣብ ገሃነም እሳት ዝረአየቶም ዘይኮነ ኣብዚ ኩሎም ሕጉሳትን ዝስሕቑን ርእያቶም። ከመይ ኢልኩም ትስሕቑን ሕጉሳትን አሎኹም ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለኹም ኢላ ንሓደ ካብኦም ሓቲታቶ። ርአዩ እናበለ ሓደ ካብኦም ነነድሕድና ንመጋገብ እናበለ አርእይዋ ይብሃል። ንሕና ሎሚ ኣብ መንጎና ኣብ መንጎ ስድራና ጎረባብትና ኣብ ቤተ ክርስትያና ኣብ ዓለምና ከምኡ ክንብል ንኽእልዶ? ነዚ ንገብሮ እንተ ኾና ካብ መንግስቲ አምላኽ ርሑቓት አይኮናን።

ሎሚ በዚ ብሩኽ ሰንበት ዘኖቆዲሞስ ቤተ ክርስትያን ንአምላኽና ክንረኽቦ ኃጢአትና ተአሚና ክንዕረቐ ጸግኡን በረኸቱን ክንቅበል ትነግረና አላ። ደቀይ ስምዑኒ ከም ኒቆዲሞስ ተዓወቱ አምላኽ ሕሹኽ ክብለኩም ኣብ ቤቱ ኣብ ደቁ ኣብ ኩሉ ድለይዎ ትብለና አላ። ምስ አምላኽ ክንራኽብ እዋኑ እዩ። ንኹሉ ንአምላኽ ከይንረክብ ከይንሰምዕ ከልኪሉና ዘሎ ሎሚ ንስዓሮ እሞ ኣብ ብርሃን ክርስቶስ አቲና ብጌጋና ተአሚና ከምብሓዲስ ንወለድ።

ፍቕሪ ዝመለለይኻ አምላኽይ ብኽፍአተይ ከይሓፈርኩ ደፊረ ክቐርበካ ጸጋኻ ሃበኒ ክሕደስ ክልወጥ ትብዓት ጸጋ ሃበኒ እናበልና ነዚ ናይ ፍቕሪ ዝዓበየ መግልጺ ዝኾነ መስዋዕቲ ቅዳሴ በዚ መንፈስ ነዕርጎ ።

ብሩኽ ሰንበት።
ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ